# መግለጺ ሓዘን 131-18

**መስዋእቲ ክቡር ተጋዳላይ ኣብርሃም ነጋሲ** ብሃንደበት ምስ ሰማዕና ኣዚዩ ኣሰንቢዱና። ምኽንያቱ ሓደ ንነዊሕ ጊዜ ናይ ቃልሲ ብጻይ ዝነበረ ክፍለየካ ከሎ ክሳብ ክንደይ ከቢድ ምዃኑ ሽዑ ኢዩ ዝርደኣካ። ልዕሊ ኩሉ ድማ እቲ ዝነበሮ ንያትን ሞራልን ናይ ቃልሲ ብቐሊሉ ዝስገር ኣይኮነን። ሓርበኛ ኣብራሃም ነጋሲ ነቲ ዝወረዶ ከቢድ ሕማምን ቃንዛን ተጻዊሩ ስቓይ ህዝቡን ሃገሩን ንኺቃለል ንነዊሕ ዓመታት ከይተሓለለ ላዕልን ታሕትን ካብ ምባል ዓሪፉ ኣይፈልጥን። ይኹን'ምበር ሓርበኛ ኣይነብርን ታሪኹ ግን ነባሪ ኢዩ ከምዝበሃል ኣብርሃም'ውን ተሰኪሙዎ ዝነበረ ጾርን ሓላፍነትን ፍቕሪ ህዝቡን ሃገሩን ናብቶም ተሪፍና ዘለና ደለይቲ ለውጥን ፍትሕን ከምዝሓደጎ ተረዲእና ኣብ ሾትኡ ከነብጽሖ ናይ ኩልና ግዴታ እዩ።

**ክቡር ሓርበኛ** ካብታ ናብ ቃልሲ ዝተጸንበርካላ ዕለት ክሳብዛ ብመስዋእቲ ዝተፈለኻና እዋን ንህዝባዊ ቃልሲ ዘበርከትካዮ ኣስተዋጽኦ ታሪኻዊ ሰነድ ኮይኑ ከምቶም ዝሓለፉ ሰማእታት ክትዝከር ክትነብር ኢኻ'ሞ ኣብታ ናይ ዘልኣለም ዕረፍቲ እትረኽበላ ገነተ ሰማያት ብሰላም ይቀበልካ እናበልና ብስም **መሪሕነትን መሰረታትን ስሙር ደሞክራሲያዊ ግንባር ኤርትራ** ንምሉእ ስድራቤቱን ፈተውቱን ጽንዓት ይሃብኩም።

ራሕስን ጠልን ድማ ይግደፈልኩም። ተኻፊልቲ ሓዘንኩም ምዃንና ድማ ነረጋግጽ።

**ካብ ቤት - ጽሕፈት ፈጻሚት ኣካል**
**ስሙር ደሞክራሲያዊ ግንባር ኤርትራ**
ጥሪ, 31/2018